**ናብ -** ናይ Perry Community School District ወለድን መጉዚታትን

**ካብ:** Clark Wicks፣ Superintendent (ኣመሓዳሪ)፣ Perry Community School District

**ዕለት፦** 5 ጥሪ፣ 2024

ሎሚ ነቲ ብሓሙስ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርትና ዘጋጠመ ዘስካሕክሕ ተግባር ዓመጽ ስዒቡ ዘጋጠመ ቃንዛን ሓዘንን ብዝምልከት ሓሳብና ክንህብ ኢና። ህይወታት ንሓዋሩ ዝተቐየሩ ብምኳኖምን፣ ማሕበረሰብና ፈጺሙ ከም'ቲ ዝነበሮ ከምዘይከውን ስለንርዳእ፣ እቲ ዝስመዓና ሓዘን ወሰን የብሉን።

ሓሳባትና ምስ'ቲ ቅትለት ዝተፈጸሞ ናይ ሻድሻይ ክፍሊ ተማሃራይን ከምኡውን ምስ ናይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ዝኾነ Dan Marburger ን ከምኡ ድማ ምስ'ቶም ካብ ቁስሎም ኣብ ምሕዋይ ዝርከቡ ኣርባዕተ ተማሃሮናን እዩ ዘሎ። እዞም ግዳያትን ስድራቤታቶምን ኩል ግዜ ኣብ ጸሎትና ክንሓስቦም ኢና።

"እዚ እዋን እዚ ንመላእ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትና ኣዝዩ ዘቖንዙን ዘጸግምን እዋን እዩ። ብሓዘንና ኸኣ ንኽንዝክሮ ግዜ ኽንወስድ ኢና።" ክብል ኣመሓዳሪ PCSD ዝኾነ Clark Wicks ተዛሪቡ።

እዚ ናይ ምሕዋይ መስርሕ ክንጅምር ከሎና፣ ኣብ ተማሃሮና፣ ኣብ ስድራቤታቶምን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክፍሊ ዕዮ ትምህርቲን ሰራሕተኛታትና እዩ ጠመተና ክኸውን። ስለዚ፣ ኣብ'ታ ትቕጽል ሰሙን ተምሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲና ትምህርቲ ንኸይህልዎምን፣ እቶም ናይ ቀዳማይ ብርኪን ማእከላይ ቤት ትምህርቲን ተማህሮና ድማ እንተወሓደ ክሳብ ዓርቢ ዕረፍቲ ክኾኑ ወሲንና ኣሎና። ኣብ'ዚ ናይ ግዜ ሰሌዳ እዚ ዝህሉ ዝኾነ ምምሕያሽ ብቐጥታ ምስ ወለዲን መጉዚታትን ዝካፈል ኮይኑ፣ ኣብ'ቲ ናይ ዲስትሪክት Perry Community School District ዌብሳይት እውን ክግለጽ እዩ።

ዋላ'ኳ ትምህርቲ ዘየለ ይኹን፣ ሒዝካ ትኸዶ ምሳሕ ግን ኣብ Perry Community School በቢዕለቱ ካብ ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ – 12:30 ድሕሪ ቀትሪ ክቐርብ እዩ።

እቲ ናይ ሕውየት መስርሕ ኣብ'ተን ዝቕጽላ ሰሙናት ስለ ንጅምር፣ ብዙሓት ሓገዝቲ ነገራት ኣቕሪብና ኢና፦

Perry Schools፣ ከተማ Perry፣ Heartland Area Education Agency (ኤጀንሲ ትምህርቲ ከባቢታት ሀርትላንድ)፣ ከምኡ ድማ community mental health (ማሕበረሰባዊ ጥዕና ኣእምሮ) ብሓባር ብምኳን ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ብምሃብ ንናይ ቤት ትምህርትና ሰራሕተኛታትን ተምሃሮን ክድገፉ ኣብ ምስራሕ ጸኒሖም እዮም፦

- ተማሃሮና፣ ሰራሕተኛታትናን ናይ ቤት ትምህርትና ማሕበረሰብን ዝህልዉዎም ህጹጻት ጠለባት ብምግምጋም ደገፍ ምግባር።
- ስልጠና ብዝወሰዱ ኣብ ኣስጋኢ ፍጻመታት ናይ ጭንቀት ቁጽጽር ኣማኸርቲ ዝወሃቡ ናይ ሓገዝ ክፍለ ግዜያት።
- ከም ኣድላይነቱ ነቶም ናይ ቤት ትምህርትና ሰራሕተኛታትን ተምሃሮን ሓገዝ ዝህቡ ኣማኸርቲን፣ ናብ ናይ ማሕበረሰብ ፍልፍላት ሓገዝ ዝግበሩ ዉከሳታትን።
- ን ተምሃሮ፣ ወለዲን ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትናን ዝቐርቡ ናይ መወከሲ ሓገዝቲ ነገራት ብክፍለ ግዜያት ይቐርቡ ኣለዉ።

"ነቶም ናይ ሕጊ ኣኽበርቲ ኣካላት፣ ናይ Perry ናይ መጀመርታ ደገፍ ወሃብቲን ንመላእ እዛ ግዝኣትን ነዚ ጉዳይ እዚ ንምፍታሕ ቅልጡፍን ኣዝዩ ዝተዋደደ ግብረመልሲን ዝሃቡ ብምኺኖም፣ ዓብዪ ናእዳ ኣሎና፣" ክብል ከንቲባ ክተማ Perry Dirk Cavanaugh ተዛሪቡ። "ንእሽተይ ከተማ ኢና፣ ግን ድማ ካብ'ዚ ኩነታት እዚ ንምውጻእ ብሓባር ኮይንና ዓብዪ ስራሕ ክንሰርሕ ኢና።"

"እቶም ሰራሕተኛታት፣ ተምሃሮን ማሕበረሰብን Perry ኣዝዮም ጹንዓት እዮም። ኣብ'ቲ ተስፋን ቃል ኪዳንን መጻኢና ብምትኳር ነዚ ኣጸጋሚ ግዜ ብሓባር ክንሰግሮ ኢና።"  ክብል Wicks ተዛሪቡ።

እንተደኣ ንስኹም ወይ ካሊእ ትፈልጡዎ ሰብ ሓገዝ ዘድልዮ ኮይኑ፣ ሓገዛት ክርከቡ ይኽእሉ እዮም።

- Crisis Intervention & Advocacy Center (ናይ ቅልውላው ምትእትታውን ጥብቅናን ማእኸል) ናይ 24-ሰዓት መስመር ሓገዝ፦ 1-800-550-0004
- Your Life Iowa (ህይወትካ ኣዮዋ): 855-581-8111
- ናብ NAMI ብ 741-741 ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ለኣኽ

ነበርቲ ኣዮዋ ሰብ ሓገዝ ኣብ ዘድልዮ ግዜ ለጋሳትን ደገፍትን እዮም። ብዙሓት ነበርቲ ኣዮዋ ደገፎም ብኸመይ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ሕቶ ኣቕሪቦም እዮም። በዚ ድማ፣ ኣብ ትሕቲ Perry School Foundation (ፋውንዴሽን ቤት ትምህርቲ ፔሪ) ኣብ  Raccoon Valley Bank (ባንኪ ራኩን ቫሊ) ገንዘባዊ ሓገዝ ዝግበረሉ ሒሳብ ተኸፊቱ ኣሎ። እንተደኣ ካልኦት ዓይነታት ሓገዝ ክትገብሩ ድልየት ኣለኩም ኮይኑ፣ ብኽብረትኩም ናብ joyce.scott@g.perry.k12.ia.us.  ኢሜይል ልኣኹልና።